ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሒ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ሓበሬታን
حزب النهضة الارتري للعدالة
مكتب الاعلام والاتصال
ERITREAN RENAISSANCE PARTY for JUSTICE
Media and Information Office
erjusticeparty@gmail.com

# 2025 ኣብ መበል 19 ዓመት ምስረታ

# ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሒ ( ናህዳ )

ኣብ ዝኽሪ መበል 19 ዓመት ዝኽሪ ምስረታ ሰልፊ ድሒርና ኣብ እንዝክረሉ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዌብ ሳይት ሰልፊ እውን ብግልጺ ተዘሪጊሑ ዝርከብ መትከልና ዘይዕጸፍ ናይ ትማል ሎምን ጽባሕን ሙኳኑ ፈታውን ጸላእን ክፈልጦን ኣብ እንዘክረሉ ፡ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣብ 2005 ኣብ ዝተመስረተሉ ድሒሩ፡ ብጥሪ 2006 መስራቲ ጉባኤኡ ኣብ ሃገረ ሱዳን፡ ሃገራዊ ሉዓላውነት ሓድነት ህዝብን፡ መሬትን ባሕርን ኤርትራን: ኣብ ድሮ ነጻነት ብኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዝታኣመነሉ ጆኦግራፊካዊ ዶባት ብምእማን ፈሊምዎ።

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ከም ሓደ ፓለቲካዊ ሓይሊ ንኽምስረት ዘገደደ ረቋሒ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ወሪድዎ ዘሎ ኣደራዕ መግዛእቲ ኣብ ክንዲ ተዓዛቢ ሙኳን ነቲ ጠንቂ ሕሰም ኮይኑ ዘሎ ንኩለን ብሄራት ኤርትራ ናይ ገዛእ ርእሰን ቋንቋን ባህልን ንኽመዕብላ ምሉእ መሰል ከም ዘለዎምን ኩለን ብሄራት ኤርትራ ናይ ገዛእ ርእሰን ቋንቋን ባህልን ንኽመዕብላ ምሉእ መሰል ከምዘለዎም ብምቕማጥ ፡ ጀበርቲ ርእሱ ዝኻኣለ ብሄር ሙኳኑ ንኣምን። ውሳኔ ስርዓት ህግደፍ ግዴታዊ ናይ ብሄራት ጽምበራ ውዱቕ ክንገብሮን፡ ነፍሲ ወከፍ በሄር በቲ መጸዊዒ ስሙ ክጽዋዕ ዲሞክራሲያዊ መሰሉ ሙኳኑ ኣንጻር ኣረሜናዊ ጸኒሑ እውን ግበታዊ ስርዓት ካብ ስሩ ንምምሓው ዝግበር ቃልሲ ብኣካል ተሳቲፉ ኣስተዋጽኦ ንምግባር እዩ ተበጊሱን ዝቕጽሎ ዘሎን።

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ክብገስ እንከሎ ንጹር ዝኾነ ፓለቲካዊ መደብ ዕዮ ሒዙ ናብቶም ክፋል ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ክነሶም ብጨፍላቒ ስርዓት ህግደፍ ሃለዋቶም ተነፊጉ መንነቶም ኣብ ሕቶ ምልክት ዝኣተወ ብሄራት ምስ ቀረበ ተቐባልነት ረኺቡ ንስራሕ ክዋፈር ክኢሉ።

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዝብል ስም ብዓረበኛ ኮይኑ ቃል ብቃሉ ብትግሪኛ ክትርጎም እንከሎ ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ማለት እዩ። ዕላምኡ ድማ ነቲ ህላውነቱ እንዳ ጸነተ ሕልንኡ ኣዕሪቡ ተስፋ ዝቐረጸ ሕብረተ-ሰብ ኣባራቢሩ፡ ነዚ ፈላላይን ጨቋንን ዝኾነ ስርዓት ካብ ስሩ ምሕዩ ኣብ ኤርትራ ፍትሕን ዲሞክራስን ንምትካል እዩ።

ስርዓት ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ፍጹም ከም ዘይሓልን፡ እኳ ድኣ ብኣንጻሩ ንህዝብና ጨፍሊቑ ዝገዝእ ዘሎ ስርዓት ሙኳኑን፡ ኣብ ቁጠባዊ ይኹን ከምኡ'ውን ማሕበራውን ሃይማኖታውን ናብርኡ ኣብ ዓዘቕቲ ኣእቲዎ ዘሎ ኣረሜናዊ ስርዓት ሙኳኑ ንማንም ኤርትራዊ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ።

ስርዓት ህግደፍ ብደረጃ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ፡ ዕድመ ስልጣኑ ንምዋሕ፡ ቆላሕታ ህዝቢ ኤርትራ ንምድንጋር ምስ ጎሮባብቲ ሃገራት ውግእ እንዳ ጻሕተረ ንዞናን ብሓፈሻኡ ድማ ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ሰላምን ቅሳነትን ከይርከብ ብሓይሊ ዝሰርሕ ዘሎ ሓደገኛ ስርዓት እዩ።

ቀንድን ቀዳማይን ዕላማ ሰልፊ ናህደ ኤርትራ እምባኣር ነዚ ጨፍላቒ ስርዓት ካብ ስሩ ምሒኻ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ተኺሉ ሰላም፡ ፍትሒ ፡ ሓድነትን ማዕርነትን ንምንጋስ እዩ። ነቲ ኣብ ቅድሚት ተሰጢሑ ዘሎ ብድሆታት ንምምካት ጥርናፈኡን ሓድነቱን ኣደልዲሉ ክሰርሕ መተካእታ ዘይብሉ እንኮ ረቋሒ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ዘደልድለሉ፡ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ዝተኻፈሎን ዝተቐበሎን ቅዋማዊ ሕጊ ምስ ዝህልው ጥራይ እዩ። እዚ ፍትሓዊ ሕጊ እዚ፡ ንሓድነትና ዋሕስ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ድሕሪ ለውጢ እንደልዮ ዳግመ-ህንጻ ጥጡሕ ባይታ ዘንጽፍ፡ ሰላምን ቅሳነትን ኣብ መንጎ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ምትእምማን ዘሕድርን መሰረታዊ ዓንዲ እዩ ኢልና ንኣምን።

ሰላምን ቅሳነትን ሰፊኑ፡ መሰል ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብዘይ ኣፉላላይ ተሓልዩ፡ ኣብ ሓድ-ሕዳዊ ምክብባርን ኣብ ብዙሕነትን ማዕርነትን ዝኣምን ሓያልን ሓድነት ዝነገሳ ሃገርን ክትከውን ጽኑዕ እምነትና እዩ።

ስርዓት ህግደፍ ንምእላይ መድረኻዊ መሰጋገሪ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ስተራተጅካዊ መደብናን ዝያዳ ቆላሕታ እንህበሉን ጉዳይ ግን ነታ ብስርዓት ህግደፍ ዝበረሰት ጸጋታት ሃገርን ዕቁር ሓይሊ ህዝብን፡ ዳግማይ ህያው ንምግባር፡ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ኣስተዋጽኦ ዝገብረሉ ባይታ ንምፍጣር እዋናዊ ሕቶ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ እዩ።

እዚ መትከል እዚ፡ ኣብ መስራቲ  ጉባኤ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዝተነድቀን ዝጸደቐ ኮይኑ፡ ምስ ህልው ኩነታት ሃገርና ኤርትራ ዝኸይድ፡ ንወጽዓ ህዝቢ ኤርትራ ፍታሕ ኣብ ምንዳይ ዝዓለመ ኮይኑ፡ ተሞክሮ ሰልፍና ኣብ ግምት ዘእተወን ብሓያል ህዝባዊ ሱታፌ ዝማሓየሽን ዝህብተምን እዩ።

ሰለዝኾነ፡ቃልስና ነቲ ኣብ ኤርትራ ህዝባን ገቢቱ ዘሎ ስርዓት ምቅላስ ብሩህ እኳ እንተኮነ፡እሞ እንታይ ደኣሎም ድሕሪ 4ይ ጉባኤ ሰልፊ  ፡ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ መሰረታዊ ሰልፋዊ መትከልን ዕላማን መቖምያታት ሓባራዊ ተረዶኦ ወይ ራእይ  ታርጌት ንምስባር ፡ነበር መሪሕነት ሰልፊ ንሰልፊን መሪሕነትን ዝኣስር ቀይዲ ውሽጣዊ መምሪሒ ኮነ ፡ ንዝተወሰነ ፖለቲካዊ ቻርተርን ሕግታት ህንጻን ብምጉዕጻጽ ፡ብዘይ ቀይዲ ክሳብ ካብ ሓላፍት ዝተወገዱሉ ነዚ መትከል እምነትን ሰልፊን ንምስባር ዘካየድዎን ዝቐጽልዎ ዘለዉ ኢዶም ክእኩቡ እንዳጸዋዕና ሰልፍና ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ሎሚ እውን ከም ትማሊ ክሳብ ዕለተ ዓመትና ካብ መትከልና ከይተነቓነቕና ክንቃለስ ሙኳና ብምዝኽኻር ሎሚ እውን በዚ ኣጋጣሚ ንህዝብኹም ይቕረታ ሓቲትኩም ናብ መትከልኩም ክትምልሱ ደጊምና ንጽውዕ ።

ግዝያዊ መሪሕነት ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ

**06 ጥሪ 2025**